12

# ምህርቲ ዓግማዊ መስኖ መሽላን ዕፉንን ኣብ ኤርትራ

## Improved Measures for Enhancing Productivity

Practical Notes Spate Irrigation



Spate Irrigation Network

Practical Notes #12

መእተዊ፡

ኣብ ኤርትራ ዓግማዊ መስኖ ጀረፍ ተባሂሉ ይጽዋዕ እዚ ቓል እዚ ቛንቛ ትግረ ምእላይን ምምራሕን ወሓዚ ማይ ማለት ኢዩ።ኣብ ኤርትራ ዓግማዊ መስኖ ማለት ካብ በርኽቲ ከባቢታት ዝመጸ ወራዲ ማይ ኣሊኻ ናብ ጎላጉል ምምቅራሕ ማለት እዩ እዚ ድማ በነኣሽቱ ከናለታት ጌርካ ናብ ጎላጉል ምዝረጋሕ እዩ።እዚም ዓበይቲ ኣዝረእቲ መሽላን ዕፉንን ፍረ ሰጋብ ዝህቡ ጠሊ ናይቲ ዝትዘርእሉ ሓመድ ይምረኮስ፡እዚ ወራዲ ማይ ዓቀኑ ግዚኡ ከምኡዉን ዝጸሓሉ ግዚ ስለዘይግመት ዘተኣማምን ኣይኮነን ዝበዝሕ እዋን ግን ብርቱዕን ንሓጺር ግዚ ዝጸንሕ ኮይኑ ኣዕናዊ እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ 5 ዓመታት ኣስ.ፒ.ኢ.ን(መርበብ ሓበሬታ ዓግማዊ ምህርቲ) ንነበርቲ ናይቲ ከባቢ ኣብ ልመዳዊ ሕርሻኦምን ኣብ ምዕባይ  ምህርቲ መሽላን ዕፉንን ካልኣት ኣዝርእቲን ኣሕምልትን ኣብ ግዜ ሕጽረት ማይን ደርቅን ከስንድ ጸኒሑ፣ ኣስ.ፒ.ኢ.ን(መርበብ ሓበሬታ ዓግማዊ ምህርቲ) ብመንገዲ ወኪላቱ ንሓረስቶት ቃለመሕተትን ዘተን ከምኡዉን ትዕዝብቲ ክገብር ጸኒሑ እዚ ድማ ኣብ ምዕቃብ ሓመድ ምስራሕ ዛላታትን ከትርታትን ምዕቃብ ጠሊ ዘጠቓለለ ኔሩ፡እዚ ብመንገዲ ወኪል ሕርሻዊ ፕሮጀክት ኣቶ ክብሮምን(ኣቶ ክብሮም ብዛዕባ ምዕባይ  ምህርቲ ንጥፈታተ ሓርስቶት በቪደዮ ዝተሰነየ ምክትታል ክገብር ዝጸንሐ ሰብ እዩ) ሓረስቶት ብምሕታትን እዩ፡ጥብቆ ሲዲ ናይዚ ምክትታልን መሰኖኣዊ ሕርሻ ሽዕብን የርእይ.እዚ ሰነድ እዚ ብዘይካ እቲ ሓበሬታ ምእካብ ሓባራዊ ፕሮጀክት ብሞያዊ መልክዕ ምፍጻም ናይዚ ቪድዮ ኣበርክቶ ጌሩ እዩ።

ኣብዚ ክፋል ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ሐረስቶት ንጥፈታቶም ይዝቲ፡

**ልምዳዊ ንጥፈታት ንምዕባይ ምህርቲ መሽላን  ዕፉንን**

**ዓይነታት መሽላን ዕፉንን ተጻዋረንቶም  ንደርቅን**

ኣብ ዝሓለፈ ዘመናት ሓረስቶት ዓግማዊ መስኖ ኣብ ኤርትራ ብዘለማድ ዝሓሸ ዘርኢ ኣብ ምድቃልን ደርቂ ዝጻወር ዘርኢ መሽላን ዕፉንን ኣብ ምልላይ ጻዕረ ክካይዱ ጸኒሖም .እዚ ናይ ነዊሕ ዓምታት ፈተን ነዚ ኣብዚ እዋን ብሰፊሑ ዘጥቅሙሉ ዘለዉ ዓይነት ዘርኢ ማሽላ ክጥቀሙ ደረኩ.እዚ ድማ ሕጀረ ተባሂሉ ይጸዋዕ፡እዚ መጸዉዒ ካብ ቛንቛ ዓረብ ካብ ሓጀር ዝብል ቃል ዘመጸ ኮይኑ እምኒ ማለት እዩ .እዚ ዘርኢ  እዚ ንናይ  ደርቂ ተጻዋርነቱን ምስቲ ከሊማ ናይቲ ከባቢ ዝኸይድ ምኻኑ ከምኡዉን ጽቡቅ ጠሊ ዘስሕብ ጨናፍር ዘለዎ ሰራዉር ክምዝልዎ ኣረጋጊጹ እዩ; እዚ ዘርኢ ሒጀረ ኣብ መፋርቕ መስከረም ተዘሪኡ ኣበ መጨረሽታ ወረሒ ታሕሳስ ይሕፈስ(ኣስታት 90 ማዓልታት ማለት እዩ)'።

ካበቶም ክልተ መለሳ ዕፉን ወልባብን በርሀን ይባሃሉ ሓረስቶስ  ዘሓሸ ምህርቲ ስልዝህብ ነወለባብ

ይመርጹ እንተኾነ ብዙሕ ማይ ይጠለብ ኣብ ፍረ ክበጺሕ ድማ 4 ወርሒ የድልዮ።ቅድሚ 15-20 ዓምታተ ኣቢሉ ቀጻሊ እኹል ማይ ሰለዝነበረ ኣብ ከባቢ ሕዳር ዘርኢ ሒጂራ ኣብ ዘይፈርየሉ ግዜ ወልባብ ይቅይሩ ኣሮም ኣብዚ ሎሚ እዋን ማይ ቀልጢፉ ስለዘይምጽእ ወለባብ ሳሕቲ ይዝራእ ሰልዘኾን ዘርኢ በርሀ ተተኪኡ እዚ ድማ ከም ካለኣይ ዘርኢ ዘዝራእ ኮይዩ ኣስታት 70-90 ማዓልታት የድልዮ፡ዋላኳ በርሀ ደርቂ ተጻዋሪ እንተዘይኮነ ደሒሩ ማሽላ ተዘሪኡ ብዉሱን ማይ(250-300ሚ.መ)ደሓን ፍረ ኪህብ የኽእል።ካብቶም ሓረስቶስ ሓበሬታ ከምዝተረኸበ እቲ መሬት ክልተ ግዜ እንተተሓረሰ ካብ 700-750 ሚ.መ ጠሊ ኪሕዙ ይክእሉ .\

ምኽራዊ ጽሑፋት ከምዘመልክቶ እቶት ማሽላ 5 ቶን/ሃ/ይ ኣብ ደሓን ኩንታት ዝናብ(400 -600 ሚ.መ ንሓደ ፍር እቶት)ማእከላ ሙቅት 20-40 ዲ.ሰ (ትሕቲ 15 ዲ.ሰ ወይ ልዕሊ 40 ዲ.ሰ ሙቀት እኹል እቶት መሽላን ዕፉንን የጉድል፡ሓበሬታ ፋኦ) ኣብዚ ዓግማዊ መስኖ ኣብ ኤርትራ ኩነታት ሙቀት ሙቐእ ስለዝኾነ ዝለ ዓል እቶተ ኪረክብ ይክኣል. ማእክላ ገምጋመ ሙቅተ ልዕሊ 20 ዲ.ሰ ፍረ መሽላ ኣብ ክባቢ ሕዳረ ይዕንብብ ኣብ መጀመርያ ጥሪ ይፈሪ. ዕፉን ዲማ ኣብ ከባቢ ሚያዝያ ይፍሪ.

ድርቂ ዝጻወር ዓይነት ዘርእን ምቹእ ኩነታተ ኣየርን ምህላዉ ኣገዳሲ እኳ እንተኾን ምስ መ ዓስ ከመዝመጽእ ዘይፍለዋን ኣዕናዊ ባህሪ ናይቲ ዉሑጅ ንዝለዓለ ምህርቲ ምሕፋስ ኣኻሊ ኣይኮነን.

ሰለዝኾነ ሓረሰቶት ናይዚ ዐግማዊ መስኖ ኣድማዒ ምእለይ ዉሑጅን መከፋፈልን ከምኡዉን ምዕቃብ ሓመድ ከመዘደልዮም ተረዲኦም ናታቶም ቴክኒክ ኣማዕቢሎምን፡እዚኦቶም ከኣ፡

ምእላይ ዉሑጅ

ኣብ ዓገማዊ መስኖ ሓመድ፡እምኒ ኣዕሜዉ ከመ ኡዉን ንእሽቶ መናድቅ ብምግባር ነቲ ካብ ሰነ ሰጋብ መሰከረም ዝመጽእ ዉሁጅ ምእላይን ምክፍፋል ይግበር.በዞም ናእሽቱ ከትርታት ጌረካ እኹል ምምቅራሕ ምግባር ዓቢ ብድሆ እዩ።ብርቱዕ ውሑጅ ኣበ ዝመጻሉ እዋን ፈንጢሶምን ሓጻጺቦሞ ስለዝኽዱ ንዝሓሸ ምህርቲ ቀጻሊ ምትዕርራይን ምክትታልን የድልዮም ።

*ሳንዱቕ1: እምናዊ ዓግም (መሓሪ, 2007)*

እምናዊ ዓግም ካብ ዝተፍላለየ ዓተን ዘለዎም ያእማን ይስራሕ ,እዞም የ እማን ካብ መንገዲ ዉሓጅ ዋዲ ዝተ ኣከቡ እዮም.እቶም ዓበይቲ የ እማን ኣብ ዝተመርጸ ቦታ ዋዲ መጅመርያ ይንጸፉ.እቲ ክፉት ቦታ ኣብ መንጎ እዚ ዓበይቲ የ እማን ብነ ኣሸቱ ይምላእ .



*ሳንዱቕ2: ሓመዳዊ ዓግም (መሓሪ, 2007)*

ሓመዳዊ ዓግም ካበ ሑጻዊ ሓመድ ይስራሕ|.እዚ እብቲ የ እማን ኣግራብ ዘይርከቦ ቦታታት እብቲ ርሑቕ ዝበለ ቦታ እብቲ መ እለይ ካናለታት ይርከብ ቀጻሊ ምፍንጣስ ንምክላኻል ኣግራብን የእማንን እብቲ መንገዲ ዉሑጅ ይቅመጥ.



***ሳንዱቕ 3: እምናዊ ዓግም (መሓሪ, 2007)***

***ኣብ ማእከል ብጨናፍር ናይ ኣግራብ ኣብ ማእከል ምእለይ ዉሑጅ ይግበር እዚ ድማ እቲ ጨናፍር ናብቲ ዉሑጅ ዝመጸሉ ወገን ከምዝጥምት ይግበር እቲ ጉንዲ ድማ ኣብ መሬት*** *0.75* ***ሜ ተፋሒቱ ከምዝሓቱ ይግበር.***



*ሳንዱቕ 4: እምናዊ ዓግም (መሓሪ, 2007)*

ሕጨሰዋስ ዓግም ካብ ንእሽቱ የእማንን ጨናፍር ናይ ኣግራብን ይስራሕ እቲ መሰረት ቅርጺ ንእሽቱ ይእማን እብ ናይ ሓጺን ሰኪዔት ብዝተመልአ ይቀዉም እቲ ናብቲ ዉሑጅ ዝመጻሉ ወገን ድማ ብጨናፍር ናይ ኣግራብን የ እማንን ይድራዕ እቲ ታሕተዋይ ክፋል ድማ በሑጻዊ ሓመድ ይድብደብ እዚ ዓግም እዚ ዝሓሸ ዲ=ድለዳለ እለዎ።



ነዚ ሀጹጽ ምትዕርራይን ምህናጽን ዝበዝሑ ሓረሰቶት ዓግማዊ መስኖ ሓደ በጊዜ ዝተፈተነ መራሒ በምምራጽ ሓደ እድማዒ ኮማዊ ማሕበር የቑሙ።ሓደ ካብዞም እብነታውያን ማሐበራት እብ ህዝበ ዋዲ ላበካ ዝቆመ ማሕበር እዩ ፡እዚ በ 11 ዓግማዊ መስኖ ዝቆመ እብ ኤርትራ ዘ ዓበይ ማሕበር

*ሳንዱቕ 6: ጋቢን መከፋፈሊ ቅርጺ*



*ቫን ስተንበርኸን*, 2007

ምዝረጋሕ ወራዲ ወሑጅ

ክትግምቶ ዘይተኽእል ኣማጻጻኣ ወራዲ ውሑጅ ኣብ ግምት በምእታው ምዕሩይ ኣከፋፍላ መደብ መዉጻእ ኣጸጋሚ እዩ፣ንምዕሩይ ምምቅራሕ ማይ ሓረስቶት ዝተፈላየ ሕግታትን ቀይድታትን ኣታኣታትዮም፣እቶም ክልተ ዓበይቲ ናይ ማይ መሰል፦

-መሰል ማይ ካልኣይን ሳልሳይን እዚ ድማ ገለ ግራዉቲ በ ካልኣይ፣ሳለሳይ ፣ራብዓይ ተባሂሎም ይጸዉዑ እዚኣቶመ ኩሎም ግራውቲ ሓሓንሳብ ምስተዩ ካልኣይ፣ሳልሳይ እንዳበለ በብተርታ ይኸይድ፣

-ሕጊ ማይ ንዝተፈላየ ዓቀን ውሑጅ ዝምልክት ኮይኑ ሓያል ውሑጅ ነቲ ርሑቅ ዝበለ ግግራዉቲ ክምራሕ ከሎ ማእከላይን ትሑት ዓቀኑ ውሑጅ ደማ ንቲ ቀረባ ግራዉቲ ይዝርጋሕ

እዞም ሕጊን መሰልን ማይ ብዓቢኡ ኣብ ጊዜ ሀጹጽ እዋን ንመጸገኒ ዉሑድ ጉልበት ሰብመሳርሒን ምቅራብ ኣድላይ ስለዝኾነ እዩ፣ ክብ ኢሉ ከም ዝተጠቕሰ ምጽጋን ዓገማት ኣብ ጉልበት ሰብን እንስሳን ዝምርኮስ እዩ ኣብ ከምዚ እዋን ኩሎም ውንነቲ ግራውቲ ምትሕብባር የድሊ.

Practical Notes #12

**ምዕቃብ ጠሊ ሓመድ**

ዓግማዊ መስኖ ኣብ ኤርትራ ቅድመ ምዝራእ ስለዝግበር ፡በመስኖ ዝለምዑ ግራውቲ ማይ ናይ ማሓዝ ዓቕሚ ኣለዎም።ቀጻላ ናይቲ ሓመድ ድማ ዉጽኢት ቀጻሊ ድበት እዩም።

ሓረስቶት ድማ እዚ ማይ ምሓዝን ናይ ዘይምዝሬቅ ባህሪ ናቲ ሓምድ ዓቂቦሞ እዮም ገለ ኣብኡ

-ጥሙር ኣገባብ ማሕረስን ምዝራእን ብምትእታዉ ለስለስታ ከመዘህልዎ ምግባር

-ምትእትታዉ ዕቃበ ጠሊ ናይ ሓመድ እዚ ደማ ኣቱጽልቲ ብመዝርጋሕ ጠሊ ናይቲ ሓመድ ከይሃፍፍ ምክልኻል።



ምዕቃብ ጠሊ ሓመድ(መሓሪ, 2007)



ልምዳዊ ንጥፈታት ንምዕባይ ምህርቲ መሽላ(መሓሪ, 2007)

## Colofon

*This note was prepared by Abraham Mehari Haile. This Practical Note is prepared with the help of the documentation programme of ILEIA (www.leisa.info).*
*This practical note is prepared as part of the capacity building programme of the IFAD Grant to the Spate Irrigation Nertwork.*

*The Spate Irrigation Network supports and promotes appropriate programmes and policies in spate irrigation, exchanges information on the improvement of livelihoods through a range of interventions, assists in educational development and supports in the implementation and start-up of projects in spate irrigation. For more information: www.spate-irrigation.org.*

January 2011